# ዕዉት ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ ኣብ ከተማ ዱዝልዶርፍ

"እገዳ ኣብ ዓመቱ "



ኤርትራውያን ተቐማጦ ኖርድ ራይን ቬስትፋለን ብዕለት 22.01.2011 ኣብ ከተማ ዱዝልዶርፍ ኣብቲ ናብ ናይ ራህዋ ዘመን ዝኾነት ሓዳስ ዓመት 2011 " ንኣትወሉ ሁሞት፡ ህዝባዊ መኸተ እምቢ ንእገዳ ኣብ ዓመቱ " ዘርእስቱ፡ ዕዉት ኣኼባ ኣካይዶም።

ኣወሃሃዲት ሽማግለ ህዝባዊ መኸተ ኣብ መግለጺኣ ኣብ 2010 ዝተገብረ መኸተን ዝተሓፍሰ ዓወትን ኣብ ትሕቲ መዘና ዘይርከቦ ሽርሒታት ዋሺንግቶንን ንዋሺንግቶን ፡ ከኾርያ ዘይደልያ ምዕራባውያን ሃገራትን ኮራኩሮም ፡ መራሕቲ ኣፍሪቃን ዝተገብረ ብምኻኑ፡ ምልክት ናይ ብኒሕን ሓበንን ሓያል ኣብ ውሽጢን ወጻእን ዝርከብ ኤርትራዊ ምኻኑ ገሊጻ። ተልእኮኡ ብብቕዓት ድሕሪ ምፍጻም ፡ ፍረጻማኡ ስለ ዝረኸበ ድማ ከም ብሓድሽ ተራኺቡ ተሞኩሮ ዝለዋወጠሉን፡ ሓድነቱ ዘሕድሰሉን



ዘሕይለሉን ባይታ ንምፍጣርን ንቐጻሊ ዝጸበየና ዕማማት ከም ወትሩ ብርእሰ-ተኣማንነት ንሃገራዊ ክብርናን ልዕላውነትናን፡ ምዕዋት መደባት ህንጸት ሃገርን ብዝተዓጻጸፈ ኣብ ዝጸበየና ሓላፍነት ዘቶኮረ ምኻኑን ድማ ኣሰፊሓ ኣቕረበት።

ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ካብ ህዝባዊን ኮማዊን ጉዳያት ኢምባሲ ሃ/ኤርትራ ጀርመን፡ ኣብ ህሉው ኩነታት ዘቶኮረ መግለጺ ድሕሪ ምቕራብ ፡ ኣብ ገመጋም እገዳ ኣብ ዓመቱ ኣመልኪቱ ድማ



ዘሕንኽን ዘይፍትሓውን ማዕቀብ ባይቶ ጸጥታ ከም መቐጸልታ ናይ ዝሓለፈ 60ዓመት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ክወሰድዎ ዝጸንሑ ተጻብኦታትን ውዲታትን ንምፍሻል፤ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መትከሉ ጸኒዑ ኣብ ውሽጢ ንዕብየት፡ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ፡ ቁጠባዊ ዕብየት ንምቅልጣፍ ፤ ኣብ ወጻኢ ድማ በብከባቢኡ ብመኸተ ዓወቱ ዳግማይ ዘረጋገጸላ ናይ 2010 ዓ.ም.ን፡ ራህዋ ዝንናጸፈላ 2011 ምኻኑ ብምግላጽ ፡ ንብጀርመን ደርጃ ዝተኻየደ ህዝባዊ መኸተ ንኽዕወትን፡ ንኽሕይልን ብቑጠባን ጉልበትን ስነጽሑፋትን ወዘተን ብተወፋይነት ዝበድሁ ሃገራውያን ብሕልፊ መንእሰያት፡ ዘሕብን ምንባሩ ገሊጹ። ቀጺሉ ተሳትፎን ጥርናፌ መንእሰያትን ኣብ ጉዳይ ሃገራዊ ጉዳይ ንኽዓቢን ንኽሰፍሕን ናይ ነውሲ ወከፍ ዜጋ ሓላፍነት ከምዝኾነ ብምዝኽኻር ለበዋኡ ኣመሓላሊፉ።

በዚ ኣጋጣሚ ብኣቶ መድሃኔ ተስፋኣለም `` መኸተና ካብ ዕትብቲ `` ዝብል ኣርእስቲ ዝቐረበ ትምህርታዊ ጽሑፍ ፡ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ወለዶ ንወለዶ እናተሰጋገረ ዝመጸ ያታዊ ባህሊ ኮይኑ ፡ መንነትና ብቐንዱ ውጽኢት እኩብ ድምር ቅድሚ ሕጂ



*ዝተኻየዱን ነካይደም ዘሎና መኸተ ምኻኑ ብምግላጽ ፡ ባዕዳውያንን ባህርያውን ብድሆታት ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ኣትሒዞም መናብርቱ ምኻኖምን፣ ህዝቢ ኤርትራ ግዙእ ናይ ብድሆታት ኮይኑ ከምዘይፈልጥን፡ ንዝቀላቐሉ ብድሆታት ብውሕሉል ኣገባብን ትብዓትን ከከም ኣመጻጽእኦም ከም ዝፈትሖምን ፡ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ፣ ንቕሓት ህዝብና ክብ ብምባል ሃገራውነት ኣማዕቢሉ፡ ኣብ ልዕሊ ጸላእቱ ደርማስ ዓወት ኣመዝጊቡ ብርቂ ሽግ ናጽነቱ ከምዝዓተረን፣ ኣብቲ ዓውደ መጽናዕቲ ክግለጽ እንከሎ፣ ብቀ1907 ዝፍለጥ ዓማጺ እገዳ፣ ብነድኢ ምምሕዳር ኣሜሪካ ዝትኣወጀን፣ መቐጸልታ ናይ'ቲ ቅድሚ ሕጂ፣ ንመንነትና ንምሕካኽ ዝካየዱ ዝነበሩ ኣነዋሪ ተግባራት ናይ ፍሉይ ሰብረብሓ ኣጀንዳ ኮይኑ፣ አጀንዳታቶም፣ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልስን ምውሓስ ልዑላውነትን ዝገበርናዮ ግጥም፣ ሰዑራት ካብ ኮኑ፣ ናይ ሎሚ ህቀንኦም'ውን ኮንቱ ምዃኑ ዘርኢ ብስእላዊ ሓበሬታ ተሰነየ ሰፊሕ ኣስተምህሮ ኣቕረበ። ብኣቀራርባን ትሕዝቶ ኣስተምህሮ ኣቶ መድሃኔ ተመሲጦም ክከታተሉ ዝጸንሑ ተሳተፍቲ ኣኼባ ፡ ኩሎም ብሓባር ተሲኦም ፡ ነቕራቢ መደብ ብውዕውዕ ጣቕዒት ብዘተባብዕ ለበዋን ርእይቶን ሓጎሶምን ምጎሶምን ገለጹ።*

*ቀጺሉ ወከልቲ ሃገራውያን ማሕበራትን ከተማታት ኖርድ ራይን ቬስቲፋለንን ናይ ሓድነት መልእኽተን ድሕሪ ምቕራብ፣ ተሳተፍቲ ኣኼባ፣ ነቲ ሃገራዊ መንፍስ ዝዓሰሎን ድልውነት ንመኸተ ዘረጋገጸን ግጥምታትን ዘተን ርኢቶታትን ለበዋታትን ብምክያድ ፣ደጊሞም ሎሚውን ከም ትማሊ እቲ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን ብይን ባይቶ ጸጥታ 1907/2009 ክሳብ ዝሕከኽ፣ ኣብ ጎኒ ህዝቦምን መንግስቶምን ኮይኖም መኸትኦም ብዝሓየለ ቀጻሊ ምዃኑ ብምርግጋጽ ነዞም ዝስዕቡ ውሳኔታት ኣመሓላፉ።*

1. *ኩሉ ድሕሪ ሃገር ስለዝኾነ ክሳብቲ ኣብ ልዕሊ ሃገርን ህዝብን ኤርትራ ተወሲኑ ዘሎ ዘሕንኽ እገዳ ጨሪሹ ዝሕከኽ፣ መኸተና ብዝሓየለ ንኽንቀጽል ደጊምና ድልውነትና ነረጋግጽ ።*

2. *እዚ ዓቢ መሰዋእቲ ከፊሉ ህላዌኡ ዘረጋገጸ ህዝቢ፣ ክምብርከኽ ዘይሕሰብ ኢዩ። ሕጂ'ውን ከም ወትሩ ኩልና ሃገራውያን ኤርትራውያን ዘይቀህም ሃልሃልታ ሓድነትና ኣምሪሕና ፣ ካባና ዝሕተት ዘበለ ሞራላውን ንዋታውን ሓገዛት ክነማልእ ቁሩባት ከምዘለና ቃል ንኣቱ።*

3. *ብፍሉያት ሰብ ረብሓን ከደምቶምን ተመዊሉ ፣ ንሓድነትናን ጉዕዞ ምዕባሌናን ንምዝራግ ፣ ዝእለምን ዝጥጀእን እከይ ፍሕሶታት ፣ ሕጂውን ተሳዒሩ ንክቕበር ፣ ወትሩ ኣብጐድኒ ህዝብ መንግስትናን ኬይና ቃልስና ከነበራትዕ ደጊምና ነረጋግጽ ።*

4. *ኣብ ኩሉ ዓውድታት ህንጻትን ምዕባሌን ሃገርና ዝሰላሰሉ ዘለዉ መደባት፣ ብርእሰ-ሙርኮሳ ህዝባ፡ ኣብ ዓለም ዝምስከረሉ ዘሎ ቁጠባዊ ዕብየት እናሞጎስና፡ ቀጻሊ ክሰርሓሉ ነተባብዕ።*

*ሞጎስ ንመኸተ ህዝቢ ኤርትራ!*

*ኩርዓት ንሓይልታት ምክልኻል!*

*ክብርን ሞጎስን ንሰውኣትና*

*ዓወት ንሓፋሽ!*

*ሃገራውያን ማሕበራት ኖርድ ራይን ቬስቲፋለንን*

*ሽማግለ ህዝባዊ መኸተ ጀርመን፡ ዞባ ሰሜንን*